# እሃዱ

ሰነ 16/2012 ቅፅ 1 ቑፅሪ 4



## ኣመክንዮ
ሰብን
ፍልስፍና

## ሓድገ
ሓወልትታት
ኣክሱም

## ኣብርሆት
ህይወትን
ገንዘብን

ዲጂታል መፅሔት ብቋንቋ ትግርኛ


03 መልእኽቲ ኣዳለውቲ

04 ወግዒ

06 ጥዕና

07 ሙዚቃ

10 ሓድጊ

12 ኣብርሆት

14 ኣመክንዮ

# መልእኽቲ
# ኣሰናዳእቲ

ጥዕና ይሃበልና!

ሰላምታና በቢዘለኹምዎ ይብፃሕ!

ዲጂታል መፅሄት ኣሃዱ ካብ ዝጀመር እነሆ 2ይ ወርሑ ደፊኑ ኣሎ። 4ይ ሕታም 'ውን በፂሕና ኣለና። ክሳብ ሐዚ ምሳና ስለዘለኹምን ስለ እትህቡና ሃነፀቲ ሓሳባትን ካብ ልብና ነመስግን። ኣብዚ ብቋንቋ ትግርኛ ፈላማይ ዝኾነ ዲጂታል መፅሄት ዝተፈላለዩ ዓምድታት ሒዙልኩም እናቀረበ ይርከብ። ባህሊን ታሪኻዊ ቦታታትን ትግራይ ዘላሊ "ሓድጊ" ፣ ኣተሓሳስባ ዝቀርፁ ናይ ህይወት ኣስተምህሮታት ዝቀርብሉ "ኣብርሆት" ፣ ብሓፀርቲ ታሪኻት ኣቢሉ ቁምነገር ዘትሕዝ "ዛንታ ኣሃዱ" ፣ ግዝያዊ ሓበሬታን ዝርዝር ስፖርታዊ ዛዕባታትን ዝህበና ዓምዲ "ስፖርት " ፣ ምስ ጥዕና ዝተተሓሓዙ ጠቀምቲ ሓበሬታታት ዝህበና ዓምዲ "ጥዕና" ፣ ምስ ቴክኖሎጂ ዝተኣሳሰሩ ፅሑፋት ዝቀርቡሉ ዓምዲ "ቴክኖሎጂ" ፣ ከምኡውን "ወግዒ" ፣ "መቐሸሽ" ን ሓፈሻዊ ፍልጠትን ዝተብሃሉ ዓምድታት ዝሓዘ ኮይኑ ኣብ ቀረባ ግዜ ተወሰኽቲ ዓምድታት ክካተቱ እዮም።

ኣብ ናይ ራብዓይ ሕታምና "ኣመክንዮ" ብዝብል ርእሲ ዓምዲ ኣብ ፍልስፍና ትኹረት ዝገበሩ ዝተፈላለዩ ፅሑፋት ናባኹም ከብሉ እዮም። ከምቲ ዝፍለጥ ኣብ ማሕበረሰብና ብዛዕባ ፍልስፍና ምዝታይ ከም ነውሪ ተገይሩ ይውሰድ ስለዝነበረ ሕቶታት ኣብ ምሕታትን ምኽንያታዊ ኣብ ምኻንን ኣሉታዊ ፅልዋ ኣሕዲሩ እዩ። በቢ ጓዳና እነዋግዐሎም ደፊርና ግን ኣብ ደገ ዘይንዝትየሎም ዛዕባታት ኣብዚ ዓምዲ ክድህሰሱ እዮም። ምስ ኣተሓሳስባ ማሕበረሰብ ኣተኣሳሲሩ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ዝለዓልሉን ሓሳባት ዝተኣናገድሉን ዓምዲ "ኣመክንዮ" ከም እትፎትውዎን ተስፋ እናገበርና ፅቡቅ ናይ ንባብ ግዜ ክኾነልኩም ንምነ።

**ኣሰናዳእቲ**

ሳሙኤል ገ/ማርያም

ኣታኽልቲ ደጄኔ

ኣንጋፋው ዮሴፍ

ጠዓመ ገ/ሄር (Thom G)

**ዲዛይን መፅሄት**

ኣንጋፋው ዮሴፍ

ኣታኽልቲ ደጄኔ

**ኣሃዱ ዲጂታል መፅሄት**
**ahadu digital magazine**

**ahadumagazine**



# ወግዒ

ዘሪጋ ሕሙስ ሃሊፎስ...ቅፅል ኣስማቱ እዮም። ሰብ ድግስ ፆምይ ስዕረትይ ልውዕሉ መዓልቲ ካብ ምፅራይ ብተወሰኺ ንሱ ፊልድ ልስራሕ ልወፅሉን መዓልቲይ ከፃርዮ ጀሚሮም። ንሱ ልተሓወሳ ድግስ ታሕሚስ! ብፍላይ መርዓ ተኾይኑ ተዓይኑ! ምስ ቶም ዲኮር ምስቶም ባንዲ ምስቶም ዲጄ ላተብኣሰ ምዓሉ።

ሓደ መዓልቲ መርዓ እንዳመሓዛና ተዓዲምና ከይደልኩም ። ክኣቱ ተለኩ ካብ በሪ ዓጇቡ ለእተወኒ ንሱ እዩ። ፅቡቅ ስራሕ ረኪቦምሉ "ወከባ" ልበዝሖ ነገር እዩ ልፈቱ። ልኣይ ቦታ ከየትሐዘ ንታ ቀያሕ ፀብሒ ልሓዘት ሰበይቲ

" ስጋ ተብዝሒ ኣለኪ ቆጥቢ " ኢልዋ ፈለማ እታ ሰበይቲ ስብኣይ ምኳኑ ተጠራጢራ ግዲ ኣየዛረበቶን። ንቶም ደረፍቲ ድማ ውንኦም ኣጥፊኡሎም። መርዓውይ መርዓትይ እንትኣትው "ዙምባራ" ተለይደረፍኹም ወይ ባዕለይ ክደርፋ እየ ኢሉ ተገልጊሉ። ምስ ኣቅበፅዎ ናብቲ በዓል ካሜራ ተፀጊዑ ኣብ እዝኑ ሕሹክ ይብሎ ፀኒሑ ድማ ከም ዳይረክተር ናይ ፊልሚ ናብዚ በሉ ናብዚ ተልዓሉ ብዚኣ ወገን ዓዲ ወዲ ብዚኣ ወገን ዓዲ ጓል እናበለ ሰብ እኽሊ ሒዙ እናሃለወ ኣንገላቲዑ ወዲእዎ እምብር ዘሪጋ። ልመርዓዊ ከይዱ ኣብ እዝኑ የዛርበ ፀኒሑ ለ ልታመርዓት ሓደ ግዛዕ ይብላ። እቶም ሰብ ካሜራ ከመይ ገይሮም ይቅረፁ ኣብ ኹሉ እላተወረመ የፀግመሎም።

ሓደ ዘመድ መርዑት መልእክቲ ሓጎስ ብመወድስ ግጥሚ ገይሮም እንትገልፁ ወየ በዓል ኣመል ከይዱ ማይክ ተቀቢልዎም።

"ከማዓልኩም ክቡራት ወለዲ
ከማዓልኩም ኣይተ አብርሃ ኣቡኣ ንመርዓት
ከማዓልኩም ንኩልኹም
ስደት ሕሱም እዩ ገፁ ትርሓቅ
መርዓት ዶ መርዓዊ ይፅብቅ" ኢሉ ክቅፅል እንትብል ደፊኦም ኣውሪዶሞ እቲ ልዓደመኒ መማህርተይ ኣመሉ ስለልፈልጦ ቀስ ኣቢሉ ኣዘናጊዑ ኣብ ሓደ ዓንዲ ናይቲ ዳስ ኣብ ቐወትኡይ ስርኡይ ሽንኪሩ ብድሕሪት ኣሲርዎ ኣመሉ ዋላ ፈርፈር ተበሎ ክወሳወስ የኽኣለይ ብደምቢ እዩ ኣሲርዎ። ሰብ ውን ምእሳሩ ሪኡ ከይስሕቆ ኣብኣ ተፀጊዑ ደው ከምዝበለ ንክመስል ፀጥ በለ። ኣውኡ ብእሱሩ እክለማይ ተበሊዑ ተሳዕሲዑ። ዝኩላይ "ዘኒጡ" ከሰልፍ/ ክሕምስ/ ተዳልዮ ልመፀ ዘሪጋ ሳላ ትኣሰረ ፀባይ ገይሩ። ብእሱሩ ከሰልፍ ሓሲቡ የጠዓሞይ። ልወደቐ ናስዋ መስተይ ከልዕል ድንን እንትብል ወያ ኣብ ቀወትኡ ብድሕሪት ልተኣሰረ ስርኡ ጨደድ ደንጊፁ እንትቐንዕ ምስተን ስጋ ቆጥባ ኢሉ ዘናደደን ሰበይቲ ተላቲሙ ልሓዝኦ ቃይሕ ፀብሒ ላብ ዝባኑ ላብ ፃዕዳ ሽሚዙ። ኣነ እጉናይ ማይክ መንጢለ ኣሰይ ዘሓሳብ ልበየ ሰሚራትለይ ምበልኩ ክንደይ ደስ ምበለኒ ጠስሚ ልበይ እንድየ ሰትየ።



**ብቴድሮስ ገብሩ**

# ሓፈሻዊ ፍልጠት

1

እዚ ፅሑፍ ኣብ ተንብበሉ ግዘ ደቂ ሰባት ልዕሊ 6000 ቶን ዝምዘን ካርበን ዳይ ኦክሳይድ ($CO_2$) ናብ ከባቢ ኣየር ይለቁ

2

ጃፓን ዝጠፈአ ንብረት ናብ በዓል ዋንኡ ኣብ ምምላስ ተወዳዳሪ የብላን

3

ዕድመኻ ትሕቲ 45 እንተኾይኑ ኣብ ዘመን ህይወትኻ ማንም ናብ ወርሒ ዝተጉዓዘ የለን

4

ዕብየትን ንእሰትን ብዘየገድስኩሎም መጥበውቲ እንስሳት ልቦም 0.6 ሚኢታዊ መጠን ኣካሎም ይሕዝ

5

ኣብ ሰሜን ኮሪያ ሃገራዊ መረፃ በቢ ኣርባዕተ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመት ዝካየድ ኮይኑ ብሕታዊ ተወዳዳሪኪም ጀንግ ኡ ን እዩ





# ኣብ ኩላሊት ፀገም ከምዝተፈጠረ ዘመላኽቱ ምልክታት

ወድ ሰብ ሕጉስ ዝኾነ ህይወት ንክመርሕ ኣካላዊ ጥዕንኡ ምሕላውን ምንክብኻብን ቐዳምነት ክውሃቦ ዝግባእ ተግባር እዩ። ጥዕና ካብ ምሕላው ብተወሳኺ ኣብ ኣካልና ዝረአዩ ሓደ ሓደ ምልክታት ከይፈለጥናዮም ንሕማም ከምዝተቃላዕና ክነግሩና ከምዝኽእሉ ብምርዳእ ትኹረት ጌርና ክነስተውዕሎም ይግባእ።

ፈሳሲ ዝኾኑ ነገራት ብምፅራይ ካብ ኣካልና ዘውግደልና ናይ ኣካልና ክፋል ኩላሊት ይበሃል። ኣብ ኩላሊትና ፀገም ከምዘሎ ከመላኽቱልና ዝኽእሉ ምልክታት ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

**1. ስምዒት ድኻም**
ኩላሊት ክጉዳእ ከሎ ኣብ ኣካልና ውሽጢ ዝርከብ መጠን ቀይሕ ዋህዮ ደምና ይቅንስ። እዚ ድማ ካብ ሓንጎልና ምድኻም ጀሚሩ ኣብ ጭዋዳድትና ኣካባቢ ናይ ድኻም ስምዒት የስዕብ።

**2. ኣለርጂ ቆርበት**
ኩላሊት ኣብ ዝተጎደአሉ እዋን ስርሑ ደው ስለዘብልን ፈሳሲ ነገራት ካብ ኣካልና ቀልጢፎም ስለዘይውገዱ ኣብ ውሽጢ ኣካልና መርዛማ ዝኾኑ ነገራት ይበዝሑ እሞ ኣብ ቆርበትና ንዝፍጠሩ ኣለርጂክ ምኽንያት ይኾኑ።

**3. ምቕይያር ጣዕሚ**
ምግቢ ኣብ እንበልዐሉ እዋን ናይቲ ምግቢ ጣዕሚ ካሊእ ይጥዕመና። እዚ ዝኾነሉ ምክንያት ድማ ኣብ ውሽጢ ደምና ዘለዉ ነገራት ስለዝቕያየሩ ምልክቱ ተስተውዕሉ ከለዉ ናብ ሕክምና ተትኸዱ ይምከር።

**4. ምቕይያር ሕብሪ ሽንቲ**
ብተደጋጋሚ ናይ ሽንትና ህብሪ ናብ ብጫ ዝቅየር እንተኾይኑ ኩላሊትና ናይ ምፅራይ ስርሓ ስለዝቀነሰት ወይከዓ ስለ ጠጠው ዘበለት ናብ ሕክምና ማእኸል ተትንኸይድ ይምከር።

**5. ምሕባጥ ኣካላት ሰውነትና**
ኩላሊትና ክትጉዳእ ዘላ ኣብ ውሽጢ ኣካልና ዝርከብ ፈሳሲ ናይ ምፅራይ ዓቅሚ ስለዝስእን ኣብ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሰውነትና ሕበጥ ይፍጠር። ብፍላይ ኣብ ገፅና ፣ ኣብ መገጣጠሚ ኣካላትናን ኣብ ከባቢ እግርናን ብበዝሒ ይረአ።

**7. ምንኣስ ትኹረት**
ብሰንኪ ኣብ ኩላሊት ዝበፅሕ ጉድኣት ናይ ምፅራይ ዓቅሚ ስለዝቅንስ ወይ ጠጠው ስለዘብል ና ሓንጎልና ዝከይድ መጠን ኦክስጅን ስለዝቅንስ ናይ ትኹረት ምሃብ ዓቅምና ንቅንስ።

**8. ስምዒት ሕማም ኣብ ከባቢ እግርና**
ብፍላይ ኣብ ድሕሪት እግርና ወይድማ ተረከዝ እግርና ከባቢ ናይ ሕማም ስምዒት ዝስመዐና እንተኾይኑ ናይ ኩላሊትና ፀገም ክኸውን ስለዝኽእል ናብ ሕክምና ተትንኸይድ ይምከር።

**ካብ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቀሱ ምልክታት ናይ ሕማም ኩላሊት ክኾኑ ስለዝኽእሉ ናብ ናይ ሕክምና ማእኸል ተትንኸይድ ይምረፅ።**

**ኣንጋፋው ዮሴፍ**





# መርከብ

## 2ይ ክፋል

ይኹም እምበር ኣብርሃም ንእሽተይ ሓዉ ክራር ኣልዒሉ ሙዚቃ ምጅማሩ ሕጉስ ኣይነበረን። “ንትምህርቲ ኣሉታዊ ፅልዋ ክህልዎ እዩ” ካብ ዝብል ሓሳብ “ኣታ ቆልዓ በርቲዕኻ ተምሃር” ዝብል ማዕዳኡ ዕለታዊ ይነግሮ ነይሩ። ንእሽተይ ወዲ ባይረ ግና ነዚ ዝሰምዕ እዝኒ ኣይነበሮን።

ድሌት ሰለሙንንን ማዕቐብ ኣብርሃምን እናተኻትዑ ኣብ ዝኸድሉ ህሞት ሓደ መዓልቲ ክራር እናተፃወተ ረኸቦ። በዚ ዝተናደደ ኣብርሃም ክራር ንኡስ ወዲ ባይረ ፈናፂሑ ደርበያ። ሰለሙንን ሙዚቃን ግና በዚ ኣይተፈላለዩን።

ኮይኑ ግና ምስ ደቂ ኣስመራ ዝፈልዩ ሓደ ኩነት ተፈጢሩ። ኩናት ኢትዮ– ኤርትራ ስዒቡ ናብ ትግራይ ክመፅእ ግድን ነይሩ። በዚ ድማ ግንቦት 1993 ዓ/ም ከተማ መቐለ ኣትዩ።ከተማ መቐለ ንወዲ ባይረ ምስ ብዙሓት ጥበበኛታት እያ ተቐቢላቶ። ምስ ቅድም ኢሉ ዝፈልጦም ሙዚቀኛታት ድሌት ባንድ ብሓባር ኮይኑ ኣብ መላእ ትግራይ ስለትግራይ፣ ፍቕሪ ህይወት፣ ተስፋን ድኽነትን ዛዕባ ብዝገበሩ ስራሕቱ እናተፈልጠ መፂኡ፡ ኣብ መወዳእታ እውን “እምነት” ዘርእስቱ ስራሕ ገፀ በረከት ንመድምፅቲ ኣበርኪቱ። ድሕሪ ግዜ ሜጋ ኪነጥበባት ማእኸል ኣዲስ ኣበባ ብምኻድ ሓደ ኣልበም ስርሑ።

“ልዕሊ ኩሎም ባህልታተይ ትግራይ እያ” ዝብል ውዲ ባይረ ካብ እፀጳጡስ ክሳብ መርከብ ዘርእስተን ፍቕሪ ገድን ምስ ገድሊ ጉዕዞን ህዝቢ ትግራይን ዝገልፅ ብዙሓት ስራሕቲ ኣብ ሕልና ሚልዮናት ኣለዉ። ምስ ንፋዓት ሙዚቀኛታት ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ልምዲ ዘለዎ ወዲ ባይረ ኣብ ልቢ ብዙሓት ዝሓደሩ ጣዕመ ዜማታት ንህዝቢ ኣበርኪቱ ኣሎ። “ልዕሊ ኩሉ መንእሰይ ኣብ ትግራዋይነቱ ከይተደራደረ ዓዱ ክሕሉ ኣለዎ፣ ነብስኻ ትፈቱ እንተኾይንካ ዓድኻ ክትፈቱ ግድን እዩ። ብዘይካ ፍቕሪ ዓዲ ዝህሉ ናብራ የለን” ድማ ይብል።

ብዓይነ ሕልናኹም እናርአኹም ብእዝነ ሕልናኹም ብምድማፅ ምስ ጦብላሕታ ሓሳብ ፅሑፈይ ምሳይ ንምጉዓዝ ናብታ ሰላማዊት መርከብ እተዉ። ወዲ ባይረ “ሰላማዊት መርከብ” ኢሉ ዝሰየማ ብሕራነን ተስፋን ዝደርፈላ መርከብ፣ እታ ንስኹም ማዕረ ብሌን ዓይንኹም እትሕልዉዋ፣ ብደምኩምን ደም ኣያታትናን ጨሪራ ሰላምን ዴሞክራስን ረኺባ ማእኸል ፖለቲካን ኢኮኖምን ኣፍሪካ እትኸውን ዘላ ግን ድማ ማእለያ ዘይብሎም ፈተናታት ኣብ ዝባና ዝተዳዕነነት ትግራይ እያ።

ኣብታ ደንበ ኩሎም ስልጣነታት ዓለም፣ ማእኸል ውቁብ ባህልን ታሪኽን፣ ኣዳራሽ እምነት ክርስትናን ሕቑፊ ካልኦት እምነታትን ሰላማዊት መርከብ ውሽጢ ምእንተ እዚ ሰላማዊ ምህዳር ደሞምን ኣዕፅምቶምን ዝሓምሸሹ ጀጋኑ ሰማእታት ኣለዉ።

ጋምባለን ዝናርን ዓጢቖም ጅግንነትን ኣይግዛእን በሃላይነትን ዘምሃሩ ምእንተ እዚ ክቡር ኣካሎም ዝኸፈሉ ኣቦታት ተሳፈርቲ እዮም። ደቃ መሪቓ ናብ ሃልሃልታ ኲናት ዝሰደደት ፅንዕቲ ኣደ ትግራይ፣ ነዚ ቃልሲ ባሕርን ጨፍ ብልሕን ኮይኑ ኣብ ጨፍ ዓወት ዘብፀሐ ህዝቢ ትግራይ ብትእምርቱ ኣብታ መርከብ ከምዘሎ ሕሰቡ። ደረትን ዓቕሚ ትሕዝቶን እታ መርከብ ታሪኽ ጅግንነት ዘመናት ህዝቢ ትግራይ ዘዘንቱ ጨብጢ ዘለዎ ረቀቕቲ ሓሳባት ዝሓዘ ምኺኑ ነጋሪ ኣየድልየኩምን፤ ኣዳምፅዎ።

ጉዕዞና ክንጅምር እትው እትው በሉ። ድምፂ እቲ ሙዚቃ ብዓውታ ነዳምፆ። ነዛ ሰላማዊት መርከብ ብቕብብል ወለዶታት ብጅግንነት እናገንሑን እናቐዘፉን ዝመፁ መራሕቲ ኣብ ሕልናና ይንበሩ። ትሕዝቶ ግጥሚ እታ ዜማ እናተንተንና ኣብታ ሰላማዊት መርከብ ንኺድ።

ኣብታ ዜማ መረዋሕ ድምፂ ወዲ ባይረ ተጎዝጊዞም ዘለዉ ረዘንቲ ግጥምታት ኣብ ሓደ ጦብላሕታ ሓሳብ ትግራዋይነት ሓሚስካ ክትወፅእ ይዕድሙኻ። ትግራይ ብመርከብ መሲሉ ኣብቲ ረዳኢ ዘየብሉ ፀምፀም ሰፊሕ ባሕሪ ብህቦብላ ማዕበል እናተፈተነት ጥሒሳቶ እንትትሓልፍ የርእየና።

ይኹም እምበር ኣብርሃም ንእሽተይ ሓዉ ክራር ኣልዒሉ ሙዚቃ ምጅማሩ ሕጉስ ኣይነበረን። "ንትምህርቲ ኣሉታዊ ፅልዋ ክህልዎ እዩ" ካብ ዝብል ሓሳብ "ኣታ ቆልዓ በርቲዕኻ ተምሃር" ዝብል ማዕዳኡ ዕለታዊ ይነግሮ ነይሩ። ንእሽተይ ወዲ ባይረ ግና ነዚ ዝሰምዕ እዝኒ ኣይነበሮን።

ድሌት ሰለሙንንን ማዕቐብ ኣብርሃምን እናተኻትዑ ኣብ ዝኸድሉ ህሞት ሓደ መዓልቲ ክራር እናተፃወተ ረኸቦ። በዚ ዝተናደደ ኣብርሃም ክራር ንኡስ ወዲ ባይረ ፈናፂሑ ደርበያ። ሰለሙንን ሙዚቃን ግና በዚ ኣይተፈላለዩን።

ኮይኑ ግና ምስ ደቂ ኣስመራ ዝፈልዩ ሓደ ኲነት ተፈጢሩ። ኲናት ኢትዮ– ኤርትራ ስዒቡ ናብ ትግራይ ክመፅእ ግድን ነይሩ። በዚ ድማ ግንቦት 1993 ዓ/ም ከተማ መቐለ ኣትዩ።ከተማ መቐለ ንወዲ ባይረ ምስ ብዙሓት ጥበበኛታት እያ ተቐቢላቶ። ምስ ቅድም ኢሉ ዝፈልጦም ሙዚቀኛታት ድሌት ባንድ ብሓባር ኮይኑ ኣብ መላእ ትግራይ ስለትግራይ፣ ፍቕሪ ህይወት፣ ተስፋን ድኽነትን ዛዕባ ብዝገበሩ ስራሕቱ እናተፈልጠ መፂኡ፦ ኣብ መወዳእታ እውን "እምነት" ዘርእስቱ ስራሕ ገፀ በረከት ንመድምፅቲ ኣበርኪቱ። ድሕሪ ግዜ ሜጋ ኪነጥበባት ማእኸል ኣዲስ ኣበባ ብምኻድ ሓደ ኣልቦም ስርሑ።

"ልዕሊ ኩሎም ባህልታተይ ትግራይ እያ" ዝብል ውዲ ባይረ ካብ እፀጳጦስ ክሳብ መርከብ ዘርእስተን ፍቕሪ ገድን ምስ ገድሊ ጉዕዞን ህዝቢ ትግራይን ዝገልፅ ብዙሓት ስራሕቲ ኣብ ሕልና ሚልዮናት ኣለዉ። ምስ ንፉዓት ሙዚቀኛታት ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ልምዲ ዘለዎ ወዲ ባይረ ኣብ ልቢ ብዙሓት ዝሓደሩ ጣዕመ ዜማታት ንህዝቢ ኣበርኪቱ ኣሎ። "ልዕሊ ኩሉ መንእሰይ ኣብ ትግራዋይነቱ ከይተደራደረ ዓዱ ክሕሉ ኣለዎ፣ ነብስኻ ትፈቱ እንተኾይንካ ዓድኻ ክትፈቱ ግድን እዩ። ብዘይካ ፍቕሪ ዓዲ ዝህሉ ናብራ የለን" ድማ ይብል።

ብዓይነ ሕልናኹም እናርአኹም ብእዝነ ሕልናኹም ብምድማፅ ምስ ጦብላሕታ ሓሳብ ፅሑፈይ ምሳይ ንምጉዓዝ ናብታ ሰላማዊት መርከብ እተዉ።

ወዲ ባይረ "ሰላማዊት መርከብ" ኢሉ ዝሰየማ ብሕራነን ተስፋን ዝደረፈላ መርከብ፣ እታ ንስኹም ማዕረ ብሌን ዓይንኹም እትሕልዉዋ፣ ብደምኩምን ደም ኣያታትናን ጨሪራ ሰላምን ዴሞክራስን ረኺባ ማእኸል ፖለቲካን ኢኮኖምን ኣፍሪካ እትኸውን ዘላ ግን ድማ ማእለያ ዘይብሎም ፈተናታት ኣብ ዝባና ዝተዳዕነነት ትግራይ እያ።

ኣብታ ደንበ ኩሎም ስልጣነታት ዓለም፣ ማእኸል ውቁብ ባህልን ታሪኽን፣ ኣዳራሽ እምነት ክርስትናን ሕቘፊ ካልኦት እምነታትን ሰላማዊት መርከብ ውሽጢ ምእንተ እዚ ሰላማዊ ምህዳር ደምምን ኣዕፅምቶምን ዝሓምሸሹ ጀጋኑ ሰማእታት ኣለዉ። ጋምባለን ዝናርን ዓጢቖም ጅግንነትን ኣይግዛእን በሃላይነትን ዘምሃሩ ምእንተ እዚ ክቡር ኣካሎም ዝኸፈሉ ኣቦታት ተሰፈርቲ እዮም። ደቃ መረቓ ናብ ሃልሃልታ ኲናት ዝሰደደት ፅንዕቲ ኣደ ትግራይ፣ ነዚ ቃልሲ ባሕርን ጨፍ ብልሕን ኮይኑ ኣብ ጨፍ ዓወት ዘብፅሐ ህዝቢ ትግራይ ብትእምርቱ ኣብታ መርከብ ከምዘሎ ሕሰቡ።

ደረትን ዓቕሚ ትሕዝቶን እታ መርከብ ታሪኽ ጅግንነት ዘመናት ህዝቢ ትግራይ ዘዘንቱ ጨብጢ ዘለዎ ረቀቕቲ ሓሳባት ዝሓዘ ምኺኑ ነጋሪ ኣየድልየኩምን፤ ኣዳምፅዎ። ጉዕዞና ክንጅምር እትው እትው በሉ። ድምፂ እቲ ሙዚቃ ብዓውታ ነዳምፅ። ነዛ ሰላማዊት መርከብ ብቕብብል ወለዶታት ብጅግንነት እናገንሑን እናቐዘፉን ዝመፁ መራሕቲ ኣብ ሕልናና ይንበሩ። ትሕዝቶ ግጥሚ እታ ዜማ እናተንተንና ኣብታ ሰላማዊት መርከብ ንኺድ። ኣብታ ዜማ መረዋሕ ድምፂ ወዲ ባይረ ተጎዝጊዞም ዘለዉ ረዘንቲ ግጥምታት ኣብ ሓደ ጦብላሕታ ሓሳብ ትግራዋይነት ሓሚስካ ክትወፅእ ይዕድሙኻ።

ትግራይ ብመርከብ መሲሉ ኣብቲ ረዳኢ ዘየብሉ ፀምፀም ሰፊሕ ባሕሪ ብህቦብላ ማዕበል እናተፈተነት ጥሒሶቶ እንትትሓልፍ የርእየና። ዋላ እኳ እቲ ብሰማይ ጠቀስ ቁመት ኣብ ጎድናን ቅድሚኣን ዝዕንድር ማዕበል ዓቢጡ ከጥፍኣ ንረኣዪ ዘደንግፅን ህልውናኣ ዘጥፍእን እንተመሰለ እቲ ማዕበል ኣመሉ እዩ፤ እታ መርከብ ብሳላ ልሙድ ፅንዓታ ካብዚ ዘይውፃእ ዝመስል መፃብብ ምውፃኣ ኣይተርፍን። ነዚ ሓሳብ ብተላላታት ግጥሙ ከምዚ ይብል።

ትጓዓዝ ላ መርከብ ናይጉዕዞ
ማዕበል ይደፍእ ንሳ ትጥሕሰ
ማዕበል ኩሉሻዕ ምስኣ
ንሳ ግን ትፍተን እምበር
ትንገላታዕ ብዓቕማ
የማን ፀጋም እንዳበለት
ክትሰግሮ 'ያ ንባሕራ

ኣብዚ ዜማ ፍካርያዊ ትርጉም ዘለዎም ትግራዋይነትን ትግራይን ዝገልፁ ተለላታት ኢና እንረክብ። ትግራይን ህዝባን ከም ሓንቲ መርከብ እዩ ዝምስላ። እታ መርከብ ብሓያል ማዕበል ዝበፅሕዋ ፈተናታት ህዝቢ ትግራይ ካብ ቅድሚ ምኢቲ ዓመታት ጀሚሩ ኣብ ልዕሊኡ ዝበፅሑ ምስ ዝነበሩ ህዝቢ ከም ህዝቢ ናይ ምፅናት ፈተናታት ይነፃፀር። እዚ ኣንፃራዊ ተምሳሌት መወዳእታኡ ምስታ የማን ፀጋም እናበለትን እናተንገላትዐትን ባሕራ ከምእትሰግር ተስፋ ዝንበረላ መርከብን ጨቆንቲ ስርዓታት ብኣጥሚኻ ግዛእ ፖሊሲኦምን ካልኦት ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ፖለቲካውን ሽርሕታት ሰጊሩ ብዓወት መሰስ ምስ ዝብል ህዝቢ ትግራይ ይመሳሰል።

"ማዕበል ይደፍእ ንሳ ትጥሕስ ማዕበል ኩልሻዕ ምስኣ" ዝብል ኣገላልፃ ድማ ኣብ ሓደ መስመርን እምነትን ዓሚጭ ዝኸይድ ህዝቢ ትግራይ ዘይድቅስሉ ፀላእቲ ለይትን ቀትርን ከጥፍእዎ ዝከኣሎም ኩሉ እንትገብሩ ኣብ ፅሩይ መስመር ትግራዋይነት ዝተሰለፈ ብመርከብ ዝተመሰለ ህዝቢ ትግራይ ግና ብበዝሒ ትንኮሳኦምን ተፃብኦታቶምን ካብ ፅኑዕ ቅዋሙ ነቕ ከምዘይብልን ስረኡ ፈተኽ ከምዘይብልን የርኢ።

ህርመትን ሕብረ ዜማን ምስ ተለላ ግጥምታት ተላዕጢጡ ኣብ እዝነ ሕልናና እንትበፅሕ፣ ትግራዋይነት ብጨቆና ዘመናት ብምልክት ዓወትን ጅግንነትን ዝተለበጠ ደረትካ ነፊሕካ ብኹርዓት ሽነን እትብለሉ ብመንፈስ ሰዓራይነት ዝተኸተበ መንነት ምኧኑ ምሉእ ስምዒት ይፈጥረልካ። ህዝቢ ትግራይ ምእንተ ወድዓ ዝስየፍን ስለነጻነት ምስ ደቀመዘሙርቱ ባሕሪ ሰንጢቑ ዝወፅእ፣ ንዘመናት ካብ ምንጋጋ ፀላኢ ኣምሊጡ ከይኮነስ ስዒሩ ዝወፅእ ህዝቢ ምኧኑ መሊሱ የረድኣካ። ትግራዋይነት ልዕሊ ኩሎም ወያነታት ዓለም ህዝብን ውድብን ርግሀን ስፈን ኮይኑ ኣብ ልቢ ተጋሩ ዝሰፍር ንከይሽርሸር ዝፀንዐ ሕላገትና ኮይኑ፣ ንፀላእቲ ካባ ሕፍረት ኣልቢስካ ናይ ምስዳድ ታሪኽ ጅግንነት ዘመናት ኮላል ኣቢሉ የርኢ።

ግዝፈትን ሓይልን ንዓወት እኹል ኣይኮነን። ኩሎም ገዘፍቲ ሓያላት ኣይኮኑን። ኩሎም ሓያላት ድማ ሰዓርቲ እዮም ኢልካ ኣይድምደምን። ዓወትን ስዕረትን ብሺሻ ሓይሊ ኣይውሰንን። መንፈስ ሰዓራይነትን ዓወትን መሰረቱ መትከላዊ ፅንዓት እዩ። ፈተኽ ዘይብል ሕራነን ቆራፅነትን ዘለዎ ትግራዋይ እውን ንኩሎም ገዘፍቲ ኢና ኢሎም ዝመፁ ሓራምዝን እምባን ዝመስሉ ሓይልታት ንህቢ ኮይኑ መቓብር ከምዘውረዶምን ትርጉም ህላወኡ ሓሲቡ መፃኢኡ እንትእምት እውን ኣብ ዘሎ ፍዚካላዊ ሓይሉ ከይኮነ ኣብ ዘይስኮን ውሽጣዊ ፅንዓቱ ከምዝኣምን

"ማዕበል ንሓይሉ ይኣምን
መርከብ 'ቲ ፅንዓት ትውንን" ኢሉ ቅላፅኡ የዕርፈሉ። ትግራዋይነት ብዋጋ ውሑጅ ደም ተጋሩ ኢትዮጵያውነት ዝሃነፀ ቅድሚ ኢትዮጵያ ዝፍለጥን ዝዕራሕን ግርማ መጎስ ጅግንነት እዩ። ትግራዋይነት ከም ደበና ጸሓይ ኣብረቕካ ዝሃስስን ዝተንን ብዋጨ ዋጨ ዝኽበስን ከይኮነስ ኣብ ፅልማትን ቀትርን ዘይልወጥ መመሊሱ ዝደምቕ ከም ወርቂ ብሓዊ ተፈቲኑ ዝስዕር መንነት እዩ። ጠፍአ እንትብልዎ ኩሉ ግዜ ዝህሉ፣ ኣንፃር ግፍዕን ወፅዓን "እምብለይ" ኢሉ ብፅንዓቱ ዝነብር ግን ድማ መመሊሱ ክግልብጦን ክጎብጦን ዘይድቅስ "ማዕበል እየ" ዝብል ሓይሊ ምህላዉ ወዲ ባይረ ኣብ ጥዑም ዜማኡ፡-

"መርከብን ማዕበልን ገጢሞም

ባሕሪ ሜዳ ሰማይ ዳኛ ...
ትፅንዓት 'ዩ መለለዪ ናታ

ማዕበል ዘይዓግታ፤" ኢሉ መንጉሕ ዜማኡ ሓዱሽ ምዕራፍ ይኸፍተሉ።

ነዚ መመሊሱ ብስዕረት ሕፍረት ኣጎልቢቡ ዝሰዶም ኣቦ ፅንዓትን ጅግንነትን ህዝቢ፣ ከም ግመል ከቢቦም ከርዕምዎ፣ ህልውናኡን ሓይሉን ጨና ማይ ኮይኑ ኣብ ልዕሊኡ መመሊሶም "ቸቸ" ክብልዎ ዝደልዩ ሓይልታት ትምክሕትን ገዛእቲ ደርብታትን ዋላ እንተተኣኻኸቡ ዘይነፅፍ መትከላዊ ፅንዓቱን ሓድነቱን ኣሚኑ ደው ስለዝብል በዚ ከምዘይሕርብቶ ድማ፡-
"እንተሓበሩ መርከብ ብማዕበል ከጥሕሉ
እንዳተናወፀት ባሕሪ መርከብ ትቕፅል መንገዲ
ንሶም ዝሓበረ ይሕበሩ መርከብ ትቕፅል መንገዳ
ንዓኣ እሶም እንታይ ግዳ፤" ብእትብል ሓፃርን ክሽንትን ብርኪ ግጥሙ ይገልፆ።

**ኽቕፅል እዩ. . . .**

ሓድጊ



# ሐወልትታት ኣክሱም

ክሳብ ሐዚ ተመራመርቲ ታሪኽን ስነ-ኳዕትን ከምኡውን ጎብነይቲ እናስደመሙ ዘለዉ ቀንዲ ስልጣነ ኣክሱም ውፅኢት ጥበብ ኪነ ህንፃ ሓወልትታት ኣክሱም እዮም። ሓወልትታት ኣክሱም ካብ ማእኸል ከተማ ኣክሱም ንኣንፈት ሰሜን ምብራቅ ኣስታት 500 ሜትሮ ሪሒቖም ኣደባባይ ሓወልትታት ኣብ ዝበሃል ቦታ ይርከቡ።

እዞም ሓወልትታት ካብ ከተማ ኣክሱም ንኣንፈት ምዕራብ ካብ ዝርከብ ፍሉይ ሽሙ ጎቦዱራ እናተብሃለ ዝፍለጥ ቦታ ዝመፁ እዮም። እቶም ሓወልትታት ካብ እዞም ከባብታት ተወሲዶም ዝተሃነፁ ንምኻኖም ምልክትዝሃቡ ኣብቲ ቦታ ስራሕቶም መሊኡ ዘይተዛዘመ ካልኦት ተመሳሰልቲ ሓወልትታት ምርካቦም እዩ።እንታይ ዓይነት ቴክኖሎጂ ብምጥቃም ምጉዕዓዝ ከምተኽኣለን ክትከሉ ከምዝተገበረን ዝሕብር መረጋገፂ ዛጊድ ካብ ዝተገብሩ መፅናዕትታት ምርካብ ብዘይምኽኣሉ ዘይተፈተሐ ሕንቅልሕንቅሊተይ ኮይኑይርከብ። እንተኾነ ግና ብሓርማዝን ሓይሊ ሰብን ተጓዒዞም ከም ዝተተኸሉ ብኣፈታሪክ ይንገር።

ከይዲ ዕብየት ኢደ-ጥበብ ኣክሱማውያን መሰረት ብምግባር ምዕባለ ኪነ-ህንፃ ሓወልትታት ኣክሱም ኣብ ሰለስተ ክምደቡ ይኽእሉ እዮም። እቲ ፈላማይ ካብ ቁመቱ ወርዱ ስፍሕ ዝበለ ግርድፍ ስራሕ እዩ። እቲ ካልኣይ ጥፍጥፍ ዝበለን ካብ እቲ ናይ መጀመርያ ብዝበለፀ ለስሊሱ ዝተሃነፀን እዩ። እቲ ሳልሳይ ድማ ብቑመት በሊፁ ብዝተፈላለዩ ቅርፅታት ዘጌፀ እዩ። ዘየጌፁ ሓወልቲታት ኣክሱም ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ቅድሚ ራብዓይ ክፍለዘበን ዝተሃነፁ ከይኾኑ ከምዘይተርፉ ዝግመት እንትኾን እቶም ዘጌፁ ሸውዓተ ግን ውፅኢታት ኢደ-ጥበብ 4ይ ክፍለዘመን ከምዝኾኑ ይንገር።

ኣክሱማውያን ቅድሚ ሃይማኖት ክርስትና ምቅባሎም ከምዝተሃነፁ ዝንገረሎም እዞም ሓወልቲታት ካብ ኣክሱም ወፃኢ ኣብ ዝኾነ ስልጣነ ዘይተርኣዩ ከምዝኾኑ ይእመን። ካብቶም ብግዝፈቶም ካብ ቁፅሪ ሓደክሳብ ቁፅሪ ሸውዓተ መፍለዪ ዝተውሃቦም ሓወልትታት ብዘይካ እቲ ሓደ እቶም ሽድሽተ ንበዓል ብዙሕ ደብሪ ህንፃታት ክውክሉ ተገይሮም ዝተቐረፁ ከምዝኾኑ ዝእመን እንትኸውን መስመር ዝዓረፈሎም ዝመስሉ ቀዳዳታት እውን ኣብ ርእሲ እቶም ዘጌፁ ሓወልትታት ተንጠልጣሊ ፅሑፋት ይስቀሎም ከምዝነበረ ግምታት ኣለዉ። ካብ እዞም 7 ሓወልትታት እቶም ሰለስተ ብዋናነት ዝፍለጡ እዮም።

ብግዝፈቱ ቀዳማይ ብምባል ዝፍለጥ እቲ ሐዚ እውን ኣብ መሬት ወዲቑ ዝርከብ ሓወልቲ እዩ። እዚ መዓዝን ብኸመይን ከምዝወደቀ ንብዙሓት ተመራመርቲ ዓለም ዘይተግሃደ ሓቂ ኮይኑ ዝርከብ ሓወልቲ ክትከል እንተሎ ጀሚሩ ወዲቑ ዝተሰባበረ ከምዝኾነ ይግመት። እቲ ኣብ ፊትንፊቱ ዝተኹዓተ መሰረት ጉድጓድ ዝርከብ ሓወልቲ ወዲቑ ኣብ ሓሙሽተ ቦታታት ዝተኸፋፈለ ምኻኑ ብ1901 ኣቆፃፀራ ፈረንጂ መፅናዕቲ ዘካየዱ ተምራመርቲ ጀርመን ዘጊቦም እዮም።

እዚ ሓወልቲ ምናልባት ብኣንፈት ደቡብ ብዝተኹዓተ ዓብዪ ጉድጓድ ምኽንያት ከይወደቀ ከምዘይተረፈ እውን ይግመት። እቲ ሓወልቲ ካብ ዝተሰባበረሉ ከባቢ ዝተረኸቡ ስራሕቲ ሸኽላ እቲ ሓወልቲ ዝወደቀሉ እዋን ብግምት ኣብ መበል 7ይ ክፍለዘበን ክኸውን ከምዝኽእል ምልክት ሂቦም እዮም።

ከም ኣቆፃፅራ ፈረንጂ ብ1994 ኣብ ዝተገበረ ኳዕቲ እቲ ሓወልቲ ተተኺሉሉ ዝነበረ ትኽክለኛ ቦታ ዘመላኸተ እንትኾን ብ1997 ኣብ ዝተገበረ ኳዕቲ ድማ 4.6 ሜትሮ ብ 4.3 ሜትሮ ዝኾነ መሰረት እቲ ሓወልቲን ክልተ ድጋፋትን ንምርካብ ተተኺሉ እዩ።

እዚ ሓወልቲ ንውሓቱ 33 ሜትሮ ፣ ክብደቱ ድማ 520 ቶን ዝምዘን ኮይኑ ብኣርባዕቲኡ ገፁ ዝተመላኸዐን 12 ምስልታት ህንፃ ዝሓዘን እዩ።ስፍሓት ጠጠው ዝበለሉ ከባቢ 2.32 ሜትሮ ብ1.26 ሜትሮ እዩ። ዝዓረፈሉ ጉድጓድ እውን 3.90 ሜትሮ ንውሓት ኣለዎ።

እቲ መበል ካልኣይ ሓወልቲ 24 ሜትሮ ንውሓትን 152 ቶን ክብደትን ዘለዎ እዩ። እዚ ሓወልቲ ብወራር ፋሺሽት ጣልያን ብትእዛዝ ሞሶሎኒ ብ1928 ዓ/ም ካብ መቦቆል ሃገሩ ተወሲዱ ኣብ ዋና ከተማ ሃገረ ጣልያን ሮም ን68 ዓመታት ብስደት ፀኒሑ እዩ። ዳሕራይ ግን ብመንግስቲ ኢህወዴግ ፣ ዓለምለኸ ትካል ባህሊ ትምህትን ሳይንስን /UNESCO/ ካልኦት ዘይመንግስታዊ ትካላትን ብዝተገበረ ሓያሎ ተደጋጋሚ ዲፕሎማስያዊ ፃዕርታት ኣብ ወርሒ ሚያዝያ 1997 ዓ/ም ናብ ሃገሩ ክምለስ ተገይሩ እዩ።እዚ ሓወልቲ ሚሊንየም ኢትዮጵያ ብድምቀት ኣብ ዝተኸበረሉ 2000 ዓ/ም ተነቂሉ ካብ ዝተወሰደሉ ቦታ ተተኺሉ ይርከብ።

እቲ ብ4ይ ክፍለዘበን ጠጠው ከምዝበለ ዝፍለጥ መበል 3ይ ሓወልቲ ፤ሓወልቲ ኢዛና እናተብሃለ ዝፈለጥ እንትኾን እዚ ሓወልቲ ካብ ዝትከል ንነዘ ኣስታት 1700 ዓመታት ዘቑፀረ እዩ። እዚ ሓወልቲ ንዋላ ሓደ ግዘ ካብ በትኡ ከይተነቃነቀ መዋእሉ ዝፀንሐን ሐዚ እውን ምስክር ኮይኑ ዘሎን እዩ። እዚ ሓወልቲ 21 ሜትሮ ንውሓትን 140 ቶን ክብደትን ዘለዎ ኮይኑ ከምቶም ካልኦት ክልተ ሓወልትታት ብኣርባዕቲኡ ገፁ ዘይኮነስ ብሰለስቲኡ ገፁ ጥራሕ ዝተመላኸዐ እዩ። ኣብ ከባቢ መሰረት እዚ ግዙፍ እምኒ ሓደ ናይ ሕሶት በሪ ዝመስል ቅርፂ ኣለዎ። ብሓደ ተወሳኺ ጎኑ ቅርፂ መስኮት ዝሓዙ ፍልፍላት ዘለውዎ ኮይኑ ኣብ ጨፍ መወዳእታ ድማ ብፍሬም ሓፂን ተሓጊዙ ፍርቂ ቅርፂ ክቢ ዝሕዘ እዩ። ብሓፈሻ እዞም መግለፂ ቀንዲ ስልጣነ ሃገርና ዝኾኑ ሓወልትታት ኣክሱም ብ 1972 ዓ/ም ብቅርስነት ዓለም ዩኔስኮ ክምዝገቡ ክኢሎም እዮም።

ክርስትና ክሳብ ዝኣትወሉ ግዘ ሓወልትታት ኣክሱም ንስፍራታት መቃብር ዘመላኽቱ ነይሮም። እዞም መቓብራት ነናይ ባዕሎም ዝኾኑ ጥበብ ስነ-ህንፃ ዝተኸተሉ እዮም። ካብ መሰረቶም ሰፊሖም እናሞጥሞጡ ዝመፅኡ ጥፍጣፍ ሓወልትታት መቃብራት ክፋል ማእኸላይ ሕብረተሰብን ሊቃውንትን እንትኾኑ እቲ ብቅርፂ ዝማዕረገ ግን ናይ ንጉሳውያን ቤተሰብ ከይኾነ ከምዘይተርፍ ይግመት። እዞም መቕብራት ስልጣነ ጥንታዊት ኣክሱም ዝገደፎም ገፀ በረከት ዓለምና እዮም።

ጠዓመ ገ/ሄር (Thom G)




ኣ ብ ር ሆ ት



# ህይወት ካብ ገንዘብ ንላዕሊ እያ

ሓንሳልና ኩሉ ጊዜ ኑቲ ዝያዳ ኣገዳሲ ኢዩ ኢልና ንስተውዕሎትን ክብሪ ንህቦን ነገራት ኢዩ ደልዩ ዝረኽበ እሞ ኣብ ቦታ ስራሕና ብዘይካ እቲ ንኽፈሎ መጠን ገንዘብ ካልእ ከነስተውዕሎ ዝግብኣና ብልጫታት ይህሉ ዶ ይኸውን?

ኣልበርት ኢንስታይን ትምህርቲ ወዲኡ ካብ ዩኒቨርሲቲ ምስ ተመረቐ ንግዝያዊ ወፃኢታቱ ዝሸፍን ኣታዊ ዝረኽበሉ ስራሕ ከናዲ ነይርዎ። ከም ውፅኢቱ ድማ ዝተፈላለየ ፅቡቅ ደረጃ መዓርግን ደሞዝን ዘለዎም ናይ ስራሕ ዕድመታት ክቐርብሉ ጀመሩ እዞም ስርሓት እዚኦም ግን ምሉእ መዓልቲ ብዛዕብኦም ክሓስብ ዝግድዱን ኣተኩሮ ዝደልዩን ስርሓት ብምንባሮም ክቕበሎም ፍቃደኛ ኣይነበረን።

ኣብ ክንድኡ ኣብ ሓደ ትሑት ደሞዝን መዓርግን ዘለዎ እንተኾለ ግን ብዙሕ ናይ ሓንሳል ሓይሊ ዘይሓትትን ብዛዕባ እቲ ዝፈትዎ ዝንባልኡ ዝኾነ ዓውዲ ፊዚክስ ንክሓስብን ክመራመርን ብዙሕ ናፃ ግዘ ዝህቦን ስራሕ ንኽሰርሕ እዩ መሪፁ። እዚ ድማ ግዘ ብምሃብ ኣብቲ ዝፈትዎ ዓውዲ ንኽሰርሕን ንክዕወትን ዓብዪ ሓገዝ ገበረሉ።

ንሕና'ኸ ቦታ ስራሕና ብዘይካ ኣታዊታትና ብቀጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ ኣብ ሂወትና ክሕግዘና ዝኽእል እንታይ ዓይነት ብልጫታት ዘለዎ ክኸውን ኢና ንመርፅ...? ብተዘዋዋሪ ማለት ከም ናይ ኣልበርት ኢንስታይን ብዛዕባ እቲ ኣብ ሂወትና ክንበፅሖ ንደሊ ነገራት ክንሓስብን ክንዳሎን ናፃ ግዘ ዝህበና'ሞ ነዚ ግዘ ተጠቂምና ናብቲ ንደልዮ ነገር ንኽንበፅሕ ዕድል ዝፈጥረልና።

ብቀጥታ ድማ ስራሕና ሓድሽ ክእለታት ከነጥሪ ዝሕግዘና ወይ ድማ ምስ ክመርሑና መንገዲ ዓወት ከርእዩና ኣብነት ክኾኑና ዝኽእሉ ሰባት ክንራኸብ ዕድል ዝፈጥረልና ክኸውን ከሎ ማለት ኢዩ። ከምዚ ዓይነት ናይ ስራሕ ዕድል ክፍጠረልና ከሎ ብጥንቃቀን ምስትውዓልን ክንሕዞ ይግባእ።

ዝኾነ ዓይነት ዋጋ ብምኽፋል ብዉሑድ ኣታዊ ወይ ውን ኣገዳሲ እንተኾይኑ ብዘይ ክፍሊት እንዳገልገልካዮም ኣብ ከባቢ ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ክትረከብ ምኽኣል ዓብዪ ደረጃ ናይ ጥበብ እንበር ዕሽነት ኣይኮነን ። ምኽንያቱ እቲ ካብዚኣቶም ትመሃሮ ጥበብን ተመኩሮን ድሕሪ ጊዜ ዝልዓለ ኣታዊ ንኽትገብር ክሕግዘካ ስለ ዝኾነ።

ዘገድሰካ ነገር መዓልቲ ደሞዝ ምስ ኣኸለ ትወሃቦ መጠን ገንዘብ ጥራይ እንተኾይኑ ግን ንሓለፍትኻ እቲ ዝኸፍሉኻ ዘለዉ መጠን ገንዘብ ይግበኣካ ምኺኑ ከተረጋግፅሎምን ወትሩ ከተሐጉሶም ጌጋ ከይሰራሕካ ክቱር ጥንቃቀ ክትገብርን ክትግደድ ኢኻ። እዚ ድማ ክትጋገን ካብ ጌጋኻ ክትመሃርን ዕድል ዘይከፍተልካ ኣብ ርእሲ ምኺኑ ካብ ዓቕን ንላዕሊ ጥንቁቅ ናይ ምኺንን ፈጺምካ ሓላፍነት ናይ ዘይምውሳድን ባህሪ ንኸተማዕብል ክድርኸካ እውን ዓብዪ ተኽእሎ ኣለዎ።

**ሳሙኤል ገብረማርያም**



# ብርሃን ንዝርእዩ እምበር ንዘይርእዩ ኣየድልዮምን

## ዛንታ



ሓደ እዋን ኣብ ሓንቲ ቁሸት ሓደ ዓይነ ስውር ሰብኣይ ንበይኑ ይቕመጥ ነበረ። እቲ ሰብኣይ ወላሓንቲ ብርሃን ኣይርእን ነበረ። እንተ ኾነ ግን ኩሉ ግዜ ክንቀሳቐስ ከሎ ላምባዲና መብራህቲ ካብ ኢዱ ኣይፈልን ነይሩ። ሓደ ምሸት ከምቲ ናይ ዘውትር ልማዱ ተናፊሱ ክምለስ ከሎ፣ ብርክት ዝበሉ ሓለፍቲ መንገዲ ዝኾኑ መንእሰያት ረኺብዎ።

ንሳቶም ንእስነት እናደፋፍኦም ኣብቲ ፀልማት እንዳተጓየዩ ይጎዓዙ ነበሩ። መብራህቲ ዝሓዘ ሰብ ርእዮም ጥቓኡ ምስ ቀረቡ ዓይነ ስዉር ምኳኑ ኣረጋገፁ። ዓይነ ስዉር ንዘይ ርእየሉ ላምባዲና መብራህቲ ሒዙ ክጎዓዝ ብምርኣዮም ኣባጨውሉን ሰሓቕዋን።

ሓደ ካብቶም ሓለፍቲ መንገዲ ከኣ ስማዕ እስከ ንስኻ ዘይትርኢ ከለኻስ መብራህቲ ንምንታይ ኣድለየካ? ኢሉ ብሓውሲ ኣሽካዕላል ሕቶ ኣቕረበሉ። እቲ ዓይነ ስውር ዕግስ ኢሉ ርግዕ ብዝበለ መንፈስ እወ ሓቅኻ ሕማቕ ዕድል ኮይኑ ኣነ ዝኾነ ነገር ክርኢ ኣይክእልን እየ። ብዘይ መብራህቲ ከመይ ኢለ ከም ዝኸይድ ከኣ ነብሰይ ኣምሂረያ እየ።

እዚ ሒዘዮ ዘለኹ መብራህቲ ግን ነቶም ዝርእዩ ከማኻትኩም በዚ ዝሓልፉ ደፊኦም ከየውድቑኒ ኢለ ኢየ ሒዘዮ ዘለኹ። ብርሃን ንዝርእዩ እምበር ንዘይርእዩ ኣየድልዮምን ኢዩ በሎም።

እቶም መናእሰይ በቲ ዝሃቦም መልሲ ብጣዕሚ ተደንቁ። በቲ ዘርኣይዎ ኢ ስነ–ምግባራዊ ባህሪ ከዓይቕረታ ሓተትዎ። እሞ ኣብ ህይወት ኸንደየናይ ዝኣክል ኢና ነስተውዕል ንርኢ ዝመስለና ዘይንርኢ ብዙሓት ኢና ዘለና ቅድሚ ንኻልእ ምፍራድና ዓርስና ክንርእን ክንፍትሽን ይግብእ።

**ሰናይ ቕንያት!**



# ሰብን ፍልስፍና

## ኣ መ ክ ን ዮ

ኣመክንዮ ማለት ቃል ግእዝ ኮይኑ ምክንያት ወይ ድማ መብርሂ ሃተታ ማለት ዩ። ኣመክንዮ ዓምዲ ፍልስፍና እያ። ከም ስማ ኩሉ ብምክንያት ምስ ምክንያት ምክንያታዊ ብዝኾነ ኣገባብ ዝቀርበሉ ዓምዲ እዩ። ሰብን ፍልስፍናን ብስፍሓት ኣብ ዓምዲ ኣመክንዮ ክቃነዩ እዮም።ሰብን ፍልስፍናን ሓድነቶም ኣመክንዮ ክድህሰሱ እዮም።

ቅድምኹሉ ግን ብዛዕባ ፍልስፍና ባዕሉ ክንምርምር ግድን እዩ።ልፍልስፍና ከምለሎ ብቀጥታ ምትርጓም ኣፀጋሚኳ ተኾነ እቱ ልብዙሓት ዘረዳድእ ትርጉም ግን «Philosophy» ልብል ቃል እንግሊዝኛ ፍሎ (philo) ይ ሶፊያ (Sophia) ካብ ልብሉ ክልተ ቃላት ግሪክ ዝተረኸበ ምኻኑ ዩ።

ክልቲኤን ቃላት ኣብ ሓደ እንትፃመራ ድማ ፊሎሶፊያ (philosophia) ልብል ቃል ይህበና። ትርጉሙ ድማ ፍቅሪ ጥበብ ወይ ድማ ፍቅሪ ወይውን ሓያል ፃምእ ፍልጠት ማለት እዩ። ፍልርፍና ኣብ ትርፊ ሰዓትና ንዝክሮ ካልኣይ ሳልሳይ ለይኾነስ ናይ ሂወት ምርጫ ዩ። ፍልስፍና ቅንጦት የኾነይ ኮታስ ግንዛበኻ ልምስፋሕ ብ ሓሳባት ሓንጎልኻ ምፍትሒታሕ እዩ።

ፍልርፍና ምክንያታዊ ኣተሓሳስባ እዩ። ፍልስፍና ጥበብውን እዩ ምኽንያቱ ን ኣተሓሳስባውን ጥበብ ስለ ለድልዮ ብጥበብ ምሕሳብ ብጥበብ ምንባር።ካብ ባህርያቱ ብምብጋስ ድማ ልፍልስፍና ብብዙሕ ይትርጉምዎ።

**ኩላቶም ትርጉማት ድማ ብሰለስተ ቀንዲ ሓሳባት ይጥመሩ**

**1** ፍልስፍና ጢያቂ ምክንያታውን ሂሳውን እዩ።
**2** ፍልስፍና ካብ ኣብ ዝርዝር ነገራት (details) ኣብ ኣውራ (ዓበይቲ ጥቕሉል) ስነ ሓሳባት ዘተኩር ምኻኑ።
**3** ፍልስፍና ስለ ዓለም ስለ ደቅሰባትን ውሽጣዊ ሓሳብ ደቅሰባት ዝጥምት እዩ።

ስለዚ ድማ እዩ ምሁራን ፍልስፍና #ፍልስፍና ብዛዕባ ዋና ዋና ሓሳባት ዝምርምር ምክንያታውን ሂሳውን ብዝኾነ መገዲ ዝሓስብ ዘፈር ምርምር እዩ ልቡሉ። ኣብ ዝቅፀሉ ፅሑፋትና ድማ ብዙሓት ኣብ ብዙሓት ዓበይቲ ርእሰ ጉዳያት ክንዘተይ ኢና።

ሰባት ብተፈጥሮና ናምሕሳብ ተኽእሎ ኣለና ።ና ፍልጠት ድልየት ውን ኣለና።ኣርስቶትል ከምዝብሎ ኩሉ ሰብ ና ምፍላጥ ድልየት ኣለዎ።ስለዚ ፍልስፍና ድማ ልዚ ድልየት ደቅሰባት ንምዕጋብ ብሓይሊ ይጥቀም። ደቅሰባት ብዛዕባ ዝነብሩላ መሬት ብዛዕባ ተፈጥሮኦም ብዛዕባ ድሕረ ሞቶምውን ክፈልጡ ይደልዩ።

ኮይኑ ግና ኩሉ ነገር ብሃይማኖት ኣይምለስን ኩሉ ነገርውን ብሳይንስ ኣይምለስን እዚ ካብ ክሊ ሳይንስን ካብ ክሊ ሃይማኖትን ወፃኢ ዝኾነ ነፃ ቀጠና ፍልስፍና ይበሃል።ፍልስፍና ጥራሕ ሕቶ ምልዓል የኾነይ መልስውን ኣለዎ እዩ።እዚ መልሲ ግን ምክንያታዊ ወይ ድማ ኢ–ምክንያታዊ ክኾን ይኽእልዩ።

ትርጉም ፍቅርን እምነትን ትርጉም ሓቅን ሓሰትን ትርጉም ግዜ ትርጉም ሓቂ ትርጉም ሕልናን ካልኦትን ብፍልስፍና ይምለሱ እዮም ኣብነት ትርጉም ሓቂ ገና ኣብ ዓሚቅ መፅናዕቲ ይርከብ ። ፍፁም absolute ልኾነ መልሲ የለይ ማለትውን መልሲ ይኾንሎ ማለትዩ።

**ረብሓታት ፍልስፍና**

ፍልስፍና ካብ ዝህበና ረብሓታት እቲ ሓደ ምልከታታትና ምክንያታውያን ንክኾኑን ናተይ ጥራሕ ካብልብል ባዕላዊ ሕማም ወፂና ሚዛናውያን ንክንኾን ይሕግዘና። ልኡውን ኢና ስም ዓምድና ኣመክንዮ ብዝብል ሰይምና።ብተወሳኺ ድማ ባህሊ ሓታታይነትና ይውስኽ ።ዓቅሊ ጌርካ ምድማፅ ኣንደበተ ርቱእ ተናጋሪ ምኻን ምዕባይ ባህሊ ንባብ ባህሊ እቶም ውሑዳት እዮም እዮ ካብ ረብሓታት ፍልስፍና ።

# ኣ መ ክ ን ዮ



ናይዚኦም ድማር ውፅኢት ድማ ፍልስፍና ምልማዕ ሓንጎል እዩ። እንትጥቅለል ድማ ደቅሰባት ካብ ሓንጎልና ብዝለዓል ሓሳብ ንሓምም ንርበሽን ንጮነቅን ኢና።ገላገሊኦም ሓሳባት ድቃስውን ይኽልኡና እዮም።

ካብ ውልቃዊ ሂወትና ብምብጋስ ናይ ነገራት ትርጉም ንምርምር ኢና ኣብነት እትትንብደል ስለ ፍትሒ ብሕታውነት እንትትስመዐና ስለ ፍቅሪ ካብኡ ሕልፍ ኢልና ድማ ስለ ተፈጥሮና ብዙሕ ንሓስብ ንኽእል ኢና እዚ ማለት ድማ ንፈላሰፍ ኣለና ማለት እዩ።

ሰብ ልምንታይ ተፈጢሩ ብኸመይ ተፈጢሩ ልምንታይ ይሞት ? ምስሞተኸ ናበይ ይኸድ ኢልኩም ሓሲብኩም ዶ ትፈልጡ እምበኣይ ንሱ ዩ ምፍልሰፍ ማለት።

ስለዚ ኣብዚ ዓምዲ ዝተፈላለዩ ስነ ሓሳባት ክነልዕል ኢና።ከምቲ ልሙድ ባህሊ ፍልስፍና ሓሳባት ክንምርምሮም ኢና። ፍልስፍና ልፈላስፋታት ኢልካ ልግደፍ የኾነይ ምክንያቱ ሰብ ተረዲእዎ ይኹን ከይተረደኦ ኩሉ ፈላስፋ እዩ ይብል ኣርስቶትል።

ፍልስፍና ዘይነኽኦ የለን ከምቲ ፖለቲካ (ስነምሕደራ) ዘይነኽኦ የለይ ንብሎ ሰናይ ፃንሒት ምስ ኣመክንዮ።

**የቀንየለይ**

**ፍልስፍና ትዓምብብ**

***ኣንገሶም ብርሃነ***

# ቴክኖሎጂ

ዩቱዩብ ብኣቆፃፅራ ፈረንጂ 2005 ብ 3 መሓዙት ዝተመስረተ ደሓር ድማ ብ2006 ጉግል ብ 1.65 ቢልዮን ዶላር ዝገዝኦ ዓብዪ ናይ Video Sharing ትካል እዩ። ኣብዚ ሐዚ ሰዓት ዩቱዩብ ልዕሊ 2 ቢልዮን ተጠቀምቲ ዘለውዎ እንትኾን ካብ ጉግል ቀፂሉ ዝዓበየ Search engine እዩ።

ኣብዚ ሎሚ ግዘ ሰባት ኣብ ዩቱዩብ ዝተፈላለዩ ቪድዮታት ብምፅዓን ድሌታቶም ፤ ተውህበኦም ፤ ዘዘናግዖም ኮታስ ዝተፈላለዩ ነገራት ብመልክዕ ቪድዮ ብምስራሕ ጥቕሚ እናረኸቡ እዮም።

ኣብ ሃገርና እውን ሎሚ ብርክት ዝበሉ ሰባት ተረበሕቲ ናይዚ platform እናኾኑ እዮም።

## ከመይ ጌርና ዩቱዩብ ክንኸፍት ንኽእል?

ዩቱዩብ ኣካውንት ንምኽፋት ዘድልዩና ነገራት

1. ናይ Gmail ኣካውንት

2.ክንሰርሖም እንሓስቦም ሓሳባት ኣቐዲምና ምውሳን፡፡ (እዚኣ ጠቓሚት ጉዳይ እያ ምኽንያቱ ብዙሓት ሰባት ዩቱዩብ ክኸፍቱ ጥራይ እምበር እንታይ ንምስራሕ ከይወሰኑ እዮም ዝኣትዉ። እዙይ ድማ ኣብ ሰረሖም ኣሉታዊ ፅልዋ የምፅእ እዩ። ከም ኣብነት እቶም ቪድዮ ሕውስውስ ዝበሉ ይኾኑ፡ ፍርቆም ሙዚቃ ፤ ፍርቆም ቐልዲ ፤ ፍርቆም ዜናታት እንተኾይኖም ሰርዓቱ ዝሓለወ Audience Based ቻነል ኣይህልዎምን ዘሎ። ስለዚ ሓሳባትና ኣኪብና ክንፀንሕ ኣለና።

## እንታይ ዓይነት ሓሳባት እንተሰራሕኹ የዋፅአኒ ?

1. ኣብ ዩቱዩብ ክንሰርሖም ዘለና ቪድዮታት ቕድሚት ውሽጥና ባህ ዝብለና ፤ ተውህቦና መሰረት ዝገበሩ እንተትኾኑ ይምረፅ። ከምዚ ዓይነት ቪድዮታት ዝሰርሑ ሰባት ውፅኢታውያን እንትኾኑ ንዕዘብ።

2. ከም መማረፂታ ድማ እዞም ዝስዕቡ ሐሳባት እንተትሰርሑ ይምረፅ

3. ትምህርታዊ ቪድዮ ( ንስኻትኩም ዝፈለጥክምዎ ነገራት ንኻልኦት ብምክፋል ንሰባት ረቢሕኩም ንባዕልኩም እውን ተረባሕቲ ክትኾኑ) ። ንኣብነት ናይ ኮምፒዩተር መሰረታዊ ክእለት ፤ ናይ ፎቶን ቪድዮን ኤዲቲንግ ቱቶርያል ፤ ዝተፈላለዩ ናይ ሳይንስ ትምሃርቲ (ኬሚስትሪ ፤ ባይሎጂ ፤ ሒሳብ) ብፍላይ ምስዚ ግዘ ንተምሃሮ ጠቓሚ ኾይኑ ይርከብ።

4. ናይ ጥበብ ቪድዮታት - ተውህቦኹም ብመልክዕ ቪድዮ ብምስራሕ ናብ ጥበብ ዓለም በሪ ክኽፈተልኩም ይኽእል እዩ። ኣብዚ ሙዚቃ ብምሰራሕ (ከቨር ሙዚቃ) ፤ ሓፀርቲ ቕልዲ (ብመልክዕ ስታንድኣፕ ኮሜዲ ወይም ድራማ) ምስራሕ።

5. ሰብ ሞያ ድማ ሞያኹም ብቪድዮ ሰሪሕኹም ተወሳኺ ኣታዊ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብነት፡ - ናይ መመላኽዒ በዓል ሞያ ናይ ሜክኣፕ ቻነል (Makeup Channel) ምኽፋት ፤ ናይ ኤሌክትሪኒክስ ፅገና በዓል ሞያ ናይ ፅገና መምሀሪ ቻነል ፤ ናይ ምግቢ በዓል ሞያ ድማ ናይ ምግቢ ምብሳል ቻነል (Cooking Channel)፤ ኮታስ በብሞያኹም ቻነል ብምኽፋት ክትርብሑ ትኽእሉ ኢኹም። ብሓፂሩ እዘን ምድላዋት ብምግባር ናብ ቐፃሊ ደረጃ ንምኻድ ተዳለዉ።

(ክቐፅል እዩ!)

ኣታኽልቲ ደጀኔ

# መቍሸሸ




**ኣርእስቲ መፅሓፍ**

**እመጓ (ቋንቋ ኣምሓርኛ)**

**ብዓለማየሁ ዋሴ እሼቴ**

መፅሓፍ እመጓ ስፍሕ ብዝበለ ናይ ሃገርና ብዙሓት ታሪኽን ናይ ውሽጥና ሃፍታትንፀጋታትን ንኽንምልከትን ዝሕግዝን ብተወሳኺ ድማ ንክንመራመርን ጥንታውያን ፅሑፋት ፣መዝገባት ብራናን ካልኦት መፅሓፍቲ ንክነንብብ ዘበረታትዕ ሓደ ግዘ ጀሚርካዮ ጠጠው ከተብሎ ዘይትኽእል መፅሓፍ እዩ፡፡

**በዝሒ ገፅ: 204**
**ዋጋ: 120 ብር**
**ሰናይ ናይ ንባብ ሰሙን**

## "THE FREEDOM WRITERS DIARY"

ብኤሪን ግሩዌል መፅሓፍ "The Freedom Writers Diary" ተደሪኹ ዝተሰርሐ ድራማ ሓዘል ፊልሚ ኮይኑ ብ2007 ዓ.ም.ፈ. ብመሪሕ ተዋሳኢት ሂላሪ ስዋንክ ዝተሰርሐ እዩ፡፡ እዚ ፊልሚ ኣብ ካሊፎርንያ "ዉድ ሮው ዊልሰን ክላሲክ ሃይ ስኩል" ዝመሃሩ ዝነበሩ ተምሃሮ ኣብ ናይ ክፍለ ግዘ ትምህርቲ ኢንግሊዘኛ ብዛዕባ ህይወቶም ዝፅሓፍዎም ኣብ ሓቂ ዝተደረኹ ታሪኻት ዘዘንትው እዩ፡፡ እዚ ፊልሚ ኣብ ኣሜሪካ ዓብዪ ኣወንታዊ ፅዕንቶ ዘሕደረ ሓቦን ተስፋ ዘይምቁራፅን ዝርኢ ኩሉ ሰብ ክሪኦ ዝግባእ ፊልሚ እዩሞ ተኣንገዱልና፡፡




**ዓይነት ፊልሚ፥ ድራማ ፣ ህይወት ታሪኽ**
**ንውሓት ፊልሚ፥ 123 ደቓይቕ**
**ዝተለቐቐሉ ፣ 2007 ዓ.ም.ፈ.**